ne.ch

RÉPUBLIQUE ET CANTON DE NEUCHÂTEL

**DIRECTIVE SASO / ACCORD**
**N°1 – 2016**

# ሓፈሻዊ መምርሒ ግዴታ ናይ ምሕባር ናይ ኩነታት ለውጢ ምስዝህልው

ብመሰረት ዓንቀጽ 17ቁጽሪ 2,3 ናይ ስርዓት ምፍጻም ሕጊ ብምውህሃድ ናይ ማሕበራዊ ረብሓታት(RELHaCoPS) ፣ብ18 ታሕሳስ 2013፣

ማሕበራዊ ሓገዝ  ዝሓትት ሰብ **ብቁልጡፍ ንኹሉ  ለውጢ** ናይ ዉልቃውን ነገራትን ከምኡዉን ናይ ኩሉም ኣባላት ናይ ስድራቤት (unité économique de référence – UER)ኣብ ስዊስ ይኹን ኣብ ወጻኢ ን GSR ከፍልጡ ኣለዎም። ቀበሌ ነዚ ምልውዋጣት ብፍላይ ኣብ ግምት ከእትዎ ስለዝኽእል፣ቁጽሪ ኣብ ሓደ ገዛ ዝቅመጡ ሰባት፣መንበሪ ገዛ፣ኣታዊ ፣ ንብረት፣ ከምኡ'ውን ናይ ትምህርቲ።

ከምኡ ዉን ብተመሳሳሊ በዓል/ቲ ቤትን፣ ካልኣይን፣ዓርክን፣ሓላፊን፣ወኪል ዘለዎን ስድራ ቤቱን፣ ኣብ ትምህርቲ ዘሎ እኹል ሰብ፣ ኣብዚ እቶት ቃል ሓላፍነት ኣለዎም።

እዞም ለውጥታት፥ ምንካይ፣ምልጋስ ወይ ምምሕያሽ ናይ መሰል ማሕበራዊ ሓገዛት ከምጽኡ ይኽእሉ እዮም ብመሰረት ሕጊ LHaCoPS ።

**ሳዕበናት እንተድኣ ነዚ ግዴታ ናይ ምሕባር እንተዘይተኸቢሩ**
እንተድኣ ዝኾነ ምቅይያር ምስ ዝህልው እሞ ቀልጢፍካ እንተዘይሓበርካ, ከስዕቦ ዝኽእል ውጽኢትታት ምድንጋይ ምቅባል ማሕበራዊ ሓገዛት ወይ ድማ ሓተታ ናይ ምምላስ ዝወሰድካዮ ማሕበራዊ ሓገዛትን ኢዩ። ነዚ ሕግታት ዘይምኽባር'ውን ናብ ገበናዊ ክስታት ክመርሕ ይኽእል'ዩ።

<u>**ነዞም ዝስዕቡ ምቅይያራት ብፍላይ ከተፍልጥ ከምዘለካ:**</u>

1. ***መንበሪ ገዛ፥***
   *ሀ.* ምቅያር ኣድራሻ ወይ መንበሪ ገዛ ኣብ ካልእ ምምሕዳር ፣ኣብ ካልእ ዞባ ወይ ኣብ ካልእ ሃገር ።

   *ለ.* ክራይ ገዛ፥ ምስ ዝውስኽ ወይ ዝንከይ;
   *ሐ.* ናይ ሓባር ከፍሊ፣ መናብርቲ ኣብ ሓደ ኣታርታማ፣ ምልዋጥ ቁጽሪ ሰባት ብሓባር ዝነብሩ
2. **ዉልቃዊ ኩነታት:**
   *ሀ.* ቀበሌ: መርዓ, ምፍልላይ, ፍትሕ, ሞት  ናይ በዓል/ቲ ቤት ወይ ናይ ካልኣይካ፥
   *ለ.* ብዘይ  ሕጋዊ መርዓ ብሓደ ዝነብሩ የዕሩኽ ፣መጀመርታ፣ መወዳእታ ወይ ሞት ናይ ዓርኪ፥
   *ሐ.* ስድራቤት: ምውላድ, ቆልዓ ምእላይ ሓላፍነት ናይ ምውሳድን ወይ ሞት ናይ ቆልዓን፥.
3. **ትምህርቲ** : ምጅማር, ምውድእ ወይ ምቁራጽ  ናይ ትምህርቲ (መጽናዕቲ፣ ናይ ሞያ ልምምድ ትምህርቲ....)

4. **ኣታዊ ናይ ስራሕ** (ብተወሳኺ ናይ ውልቂ ንጥፈታት ፣ ካልኣዊ ኣታዊን ናይ ሞያ ተመሃራይ ኣታዊን) : ምቅጻል ኣታዊ ዘለዎ ንጥፈታት፣ ኣታዊ ዘለዎ ሓድሽ  ንጥፈታት፣ምውሳኺ ወይ ምንካይ ናይ ደሞዝ፣ ምቁራጽ ኣታዊ ዘለዎ ንጥፈታት፥
5. **ካልእ ኣታዊ**:  ምውሳኽ ፣  ምንካይ ወይ ምቁራጽ   (ብተወሳኺ ናይ ንብረት).
6. **ንብረት** :

   *ሀ.*  ተንቀሳቃሲ ንብረት ኣብ ስዊስ ይኹን ኣብ ካልእ ሃገር ፣ ዉርሻ፣ ወፈያ፣ ክፍሊት ናይ ህይወት ውሕስነት ወይ ናይ ጥሮታ፣ ሎተሪ ምስዓር፣ ካልእ ምውሳኽ  ወይ ምንካይ ናይ ንብረት፥

ለ. ዘይተንቀሳቃሲ ንብረት፣ኣብ ስዊስ ይኹን ኣብ ካልእ ሃገር ፣ምግዛእ ወይ ምሻጥ ናይ ገዛ፣ ህንጻ ወይ መሬት፣ ዉርሻ፣ ወፈያ፣ካልእ ምውሳኽ ወይ ምንካይ ናይ ንብረት፥

7. **ወጻኢታት ናይ ስድራ ቤት** (ምንባይ):መሰሉ ክሓተሉ ዝጀመረ, ምውሳኽ, ምንካይ, ምቁራጽ, ሓድሽ ዉሳኔ ቤት ፍርዲ, ሓድሽ መሰል ቤት ፍርዲ፣ ወዘተ፥
8. **መዓልታዊ ካሕሳታት** : de l'AI ውሕስነት ናይ ኣካል ጉድለት, ዉሕስነት ናይ ሕማም፣ ዉሕስነት ናይ ሓደጋ፣ ውሕስነት ናይ ራብሓታት ምኽሳር (APG) ወይ ዉሕስነት ሽቅለት፡ኣልቦነት፥
   ሀ. ሓተታ ናይ መዓልታዊ ካሕሳታት
   ለ. ምጅማር ናይ ክፍሊት፣
   ሐ. ምውሳኽ, ምንካይ ወይ ምቁራጽ፣.
9. **ኩሉ ውሕስነት ናይ ማሕበራዊን ዉልቃዊን ሓገዝ** ፣ AI ውሕስነት ናይ ኣካል ጉድለት ፣ሓደጋ፣ ወተሃደራዊ፣ ሳጹን ናይ ጥሮታ ፣ ሽቅለት፡ኣልቦነት፣ AVSውሕስነት ናይ ሽምግልና ህልውናን፣ PC (ተወሳኺ ሓገዛት AVS/AI) ፣ኣታዊ ካብ ወጻኢ፥
   ሀ. ሓተታ ናይ ኩሉ ውሕስነት ናይ ማሕበራዊን ዉልቃዊን ሓገዝ
   ለ. ምጅማር ናይ ክፍሊት፣
   ሐ. መሰሉ ክሓተሉ ዝጀመረ, ምውሳኽ, ምንካይ ወይ ምቁራጽ፣
   መ. ርእየት ሕሉፋዊ ክፍሊት ናይ ማሕበራዊን ዉልቃዊን ውሕስነት፣
10. **ትካል** (ፍሉይ ትካላት ናይ ኣረገውቲ መንበሪ ወይ ካልእ)፣ ምእታው ወይ ምውጻእ ወይ ምቅያር ናይ ትካል፥
11. **ተሓታቲ ሰብ (ወኪል)**፣ ምጅማር ወይ ምውዳእ **ወኪል**፣ ምቅያር ናይ **ወኪል**፥
12. **ኣብ ወጻኢ ምድንጋይ :** ሓደ ኣባል ናይ ስድራ ካብ ሰለስት ወርሒ ምስ ዘሕልፍ፥ (UER)
13. **ካልእ ኩሉ ለውጥታት** ንኣታዊ ብዝምልከትን፣ ወጻኢታትን ንብረትን፥

Neuchâtel, Service de l'action sociale, le 8 janvier 2016

---

**<u>ናይ ዞባዊን ማሕበራውን ቤት ፅዮ ኣገባብ ተዛማዲ ኣገዳሲ ትዕዝብቲታት ንምሕታት ማሕበራዊ ጥቅምታት (DPS)</u>**

| **<u>ፈርማን መረጋገጺን ምስ ናይ ማሕበራዊ ሓገዛት ሓተታ ዝተኣሳሰረ(DPS) (CF. PAGE 2 FORMULAIRE 1ADMIN)</u>** |
| --- |
| በዚ ፈርማ, ፣ኩሎም ኣባላት ናይዚ ስድራ ቤት (UER) ነዚ (ምልክታ ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ) ብሙሉእ ኣገባብን በቲ ሓቂ መሰረት ንመረጋገጺ ዝድግፍ ሰነዳትን ነቶም ክኢላታት በዓል ስልጣናት ንምቅራብ ሓላፍነት ብምዉሳድ ነዚ ምልክታ ማሕበራዊ ሓገዝ ከምዘማልእዎ የረጋግጽ። ኹሉ ምቅይያራት ዉልቃዊ ኩነትን ነገራትን ብቅልጡፍ ነቶም ዝምልከቶም በዓል ስልጣናት ክሕብሩ ይሰማምዑ። ቀበሌ ነዚ ምልውዋጣት ብፍላይ ኣብ ግምት ከእትዎ ስለዝኽእል፣ቁጽሪ ኣብ ሓደ ገዛ ዝቅመጡ ሰባት፣መንበሪ ገዛ፣ኣታዊ ፣ ንብረት፣ ከምኡ'ውን ናይ ትምህርቲ. ንማሕበራዊ ሓገዝ ዝሓቱ ኣባላት ናይ ስድራ ነዚ ሓተታ ሓፈሻዊ መምርሒ ግዴታ ናይ ምሕባር ለውጥታት ናይ ኩነት ከምዝተቀበሉ የረጋግጹ። ዘይተፈረመ ሓተታ ክምለስ'ዩ።. |

*Version en tigrigna*